# ሓፈሻዊ ኣበጋግሳ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ተመክሮ ኤርትራን

ብ

**ወልደየሱስ ዓማር**

(ኣብ ሰሚናር ናይ መበል 19 ፌስቲቫል ኤርትራ ብ31.07.2004 ኣብ ዳርምሽታት/ፍራንክፈርት ዝቐረበ መደረ፡ ሎሚ ብኣጋጣሚ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ጐስጓስ ምቛም ሰፊሕ ሰልፊ፡ ንጥቕሚ ኣንበብትና ኢልና ንመጀመርያ ጊዜ ኣብ መርበብ ንሓርነት.ኮም ነስፍሮ ኣሎና፣ ጽቡቕ ንባብ።)

<u>**መእተዊ**</u>

ቀንዲ መበገሲ ናይዚ ኣርእስት'ዚ፣ ሓጺር መእተዊ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኤርትራ ንምቕራብ ኢዩ፡፡ ነተን ካብ 1941 ክሳዕ 1950 ንዝነበራ ሰልፍታት ብመጠኑ ዝገልጻ ጽሑፋት ብሎይድ ኤሊንግሶን እተባህለ ኣሜሪካዊ እተዳለወት ናይ 1977 ዓንቀጽን ብኤርትራዊ ኣለምሰገድ ተስፋይ ብ2001 እተጻሕፈት <u>ኣይንፈላለ</u> እትብል መጽሓፍን ይርከባ። ንዝሓለፈ ኣገባብ አወዳድባና ብስነ ፍልጠታዊ መንገዲ ከነጽንዮ ኣድላይ ነይሩ:: ድሕሪ ሓርነት ሃገር (1991) እንታይ ዓይነት ቅርጻ መንግስትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ይሰማማዓና ኢልና መጽናዕቲ ክንጅምር ይግባእ ነይሩ፣ ግን ኣይተገብረን። እዚ ናይ ሎሚ ፈተነ እምበኣር ኣውራ ንኣድላይነት ዕቱብ መጽናዕቲ ንምዝኽኻርን፡ መእተዊ ነቲ ዝድለ መጽናዕቲ ንምፍላምን ኢዩ።ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ብኣትኵሮ ዝልዓል፣ እዚ ዝኽተል ኣርእስትታት ኢዩ፥

1. ሓጺር ታሪኽን ትርጉምን ፖለቲካዊ ሰልፍታት።
2. ሰልፍታት ኣፍሪቃ ድሕሪ ውድቀት መግዛእቲ።
3. ኤርትራዊ ሰልፍታት - ሕሉፍን መጻእን።

(ኣብዛ ዓንቀጽ እዚኣ እግረ-ሓበረታ/footnote ኣይተወሰኸን፣ኣብ ናይ እንግሊዝ ትርጉም ርኤ።)

## <u>ክፍሊ ሓደ</u>

### <u>ኣመሰራርታ ሰልፍታትን ትርጉም ሰልፍን</u>

ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፣ ነፍሲ ወከም ሕብረተሰብ ዝመድሓደረሉ ሕጊ ክህልዎ ግድን ይኾኖ፥ ቅዋም (ወይ ሕጊ እንዳባ) ይነብሮ ማለት ኢዩ። ኣብ ከበሳ ሓጊ 7 ዓንሰባ፡ ሕጊ ሎጎ ጭዋ: ሸውዓተ ደቂ-ተሸም፡ ኣድከመ ምልጋእ፡ ኣድግና ተገለባ፡ ወዘተ፥ ኣብ ካልእ ቦታታት ከኣ፡ ሸሪዓ፡ ከምኡ ኸኣ ፍትሕ መሓሪ፣ ፍትሕ መጋሪሕ፡ ወዘተ ይብሃል ። (እቶም ጉደቦታቶም ወኪሎም ኣብቲ ባይቶታት ዝሳተፉ ሽማግሌታት ከኣ ገለ-ገለ ካብቲ ስርሓት ሰልፍታት የማልኡ ነይሮም ክበሃል ዘይካኣል ኣይኮነን፡፡)

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ሰልፍታት ክምዕብል ብዙሕ ዘመን ወሲዱ።መራሕቲ፣ ህዝቢ ከይፈላሊ እናበሉ ካብ ሰልፍታት ይሰግኡ ኢዮም፥ግን ኣብ ውሽጢ ነጻ ባይቶታት ወይ ሓጋጊ ኣካላት ምንባር ሰልፍታት ኣድላይነት ስለ ሰሎዎ ክቐውም ግድን ይኸውን። ኣሜሪካውያን ኣብ ሕገ መንግስቶም ሰልፊ እትብል ቃል ኣየእተዉን፥ ኣብቲ መጀመርያ ባይቶ (ኮንግረስ) ኣሜሪካ ሰልፍታት ኣይነበራን፣ ድሒረን ኢየን ቔይመንን ማዕቢለንን።

## ትርጉም ሰልፊ

እቲ ሎሚ ኣብ ዓለም ዘሎ ሰልፍታት ናይ ምምራጽ መሰላት ወዲ ሰብ ምስ ሰፍሐ ኢዩ ማዕቢሉ።እቲ ብስፍሓት ቅቡል ዘሎ ትርጉም ሰልፊ ከምዚ ይብል፥

> “ፖለቲካዊ ሰልፊ ማለት ዝመሳሰል ፖለቲካዊ ርእይቶ ዘለዎም ውልቀሰባት ብነጻ ውልቀሰባዊ ድልየቶም ዘቑምዎ ወይ ኣባሉ ዝኾንዎ ማሕበር ኢዩ።ዝኾነ ሰልፊ ናቱ መደብ ዕዮን ቅርጻን ይነብሮ። ግድን ንፖለቲካዊ ስልጣን ክወዳደር ቅሩብ ክኸውን ኣሎዎ።ንቕዋም ሃገር ተማእዚዙ ኸኣ ስልጣን ይቕበልን ካብ ስልጣን ይወርድን።”

ሰልፊ ብስሙ ዘይኮነ ብመደብ ዕዮኡን mkራኢኡን እዩ ዝፍለጥ። ንስልጣን ዘይወዳደር ሓይሊ ፓለቲካዊ ሰልፊ ክበሃል ኣይከኣልን። ግንባርን ምንቅስቓስን ሓፈሻዊ መደብ ዕዮ፡ ማለት ንህልዊ ኲነታት ናይ ምቕያር መደብ ጥራይ ክህልዎም ይኽእል። ሰልፊ ግን ንህልዊን ንነዊሕን ዝጠመተ ራኢን መደብ ዕዮን ይውንን።

## ኣመሰራርታ ሰልፍታት

ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ሰልፍታት ካብ ጕጅለታት ባይቶ ሃገር፣ ካብ ናይ ምርጫ ሽማግሌታት፣ ካብ ክለባት፣ ካብ ናይ ክትዕ ጕጅለታት፣ ካብ ሃይማኖታዊ ምንቅስቓሳት ወዘተ ዝተወልዳ ኢየን። ንኣብነት ኣብ ክትዓት ባይቶ ብርእይቶ እተፈላለዩ ኣባላት ባይቶ ሰልፍታቶም የቘሙ። ወጻኢ ካብ ባይቶ ዝምስረት ሰልፍታት እውን ኣሎ።ካብ ውሽጢ ባይቶ ዝመንጨዉ፥ ወጻኢ ካብ ባይቶ ዝመንጨዉ ተባሂሎም ከኣ ይስመዩ።

### ምኽንያት ኣመሰራርታ ሰልፍታት፣

1. ውግእ
2. ምጣኔ ሃብታዊ ቅልውላዋት
3. ምዕባሌ ትምህርቲ፣
4. ምዕባሌ ዜናዊ ማዕከናት፣ ወዘተ
5. ሲቪላዊ ነጻነታት ምስፋሕ ወዘተ...

### ቀንዲ ስራሓት ፖለቲካዊ ሰልፍታት፣

- ዝመሳሰሉ ሓይልታት የላፍኑን ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ፖለቲካ ሃገር የዕቍቡን፤
- መራሕቲ ይምልምሉ፤
- ነቲ ዘሎ ፖሊሲታትን መደባትን ሃገር የብርሁ፤
- ጌጋታት የጋልጹ፤
- ፖለቲካዊ ንቕሓት የስፍሑ፤
- ክግበር ንዘለዎ ስርሓት ይሕብሩ።(ሰልፍታት “ሰራዕቲ ህዝባዊ ርእይቶታት” ተባሂሎም ይግለጹ)።

ንመንግስቲ መሳርሒ ኮይኑ ናይ መንግስቲ ስራሓት ጥራይ ዘቃልሕ ሰልፍታት እውን ነይሩን ኣሎን፡፡

## ክፍሊ ክልተ

### ኣፍሪቃዊ ኩነታት፡ ካብ 1960 ክሳዕ ሎሚ

ኣብ ኣፍሪቃ ሰልፍታት ክህልዋ ምኽንያት ዝኾነ በቐንዱ እቲ ውድቀት መግዛእቲ ኢዩ።እተን ቅድሚ ናጽነት ዝነበራ ግንባራትን ምንቅስቓሳትን ድሕሪ ናጽነት ናብ ሰልፍታት ተለዊጠን። ሓደ ተመራማሪ ንሰልፍታት ኣፍሪቃ ከምዚ ገይሩ ይመቕለን፣

1. ድንኪ (ድኽድኽ) ሰልፊ፥ ማለት ኣብ ጸቢብ ቦታነትን ዓሌትን እተመስረተ ሰልፊ።
2. ናይ ኤሊት ወይ ናይ እተማህሩ ውሑዳት ሰባት (ዓበይቲ ዓዲ ወይ ነጋዶ) ሰልፊ፡ ማለት ንመራሕን ባህልን ዝምእዘዝ ሰልፊ።
3. ናይ ሰፊሕ ህዝቢ ሰልፊ፤ ማለት ካብ ኩሉ ብሄራትን ሃይማኖታትን፡ ደርብታትን ሕብረተሰብ ዘካፍል ሰልፊ።

ኣብ ጊዜ ናጽነት፡ ግንባራት ኣፍሪቃ ህዝባውያን ማሕበራት ስለዝነበርወን ኣብ መንግስቲ ተሳጊረን ሰልፍታት ምስ ኮና ናይ ሓፋሽ ሰልፍታት ክኾናየን ዝብል ትጽቢት ነይሩ። ግን ከይኮና ተሪፈን። (እታ ናይ ክዋመ ኑክሩማ ሰልፊ ከይተረፈት ብ1966 ሒደት ወተሃደራት ምስ ተቓወምዋ ኣሰር ዘይብላ ጠፊኣ።)

<u>ብሓጺሩ ድሕሪ ናጽነት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ 60ታት፡</u>

- ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ እንኮ-ሰልፍነት ተቐይረን።ኣብ መብዝሕትኡ ከኣ ብሓደ ኤትኒ ዝዕብለላ ሰልፍታት ኮይነን።
- እቲ ምኽንያት "ምእንቲ ሰላምን ሓድነትን" ኢዩ ተባሂሉ።
- እቲ መራሒ ሃገር ዝብሎ ኩሉ ከም ውሳኔታት ሰልፊ ተወሲዱ።
- ስልጣን ብደቂ ሃገር ምትሓዝ ከም ሓርነትን ዲሞክራስን ተቖጺሩ።ንኣብነት መጀመርያ መራሒ ናይ ጊኒ ሰኩ ቱረ ከምዚ ኢሉ፡ "ሕጂ ሃገርና ዲሞክራሲያዊትን ገስጋሲትን ክትብሃል ትኽእል። ሓንቲ ጥምርቲ ሃገር ምህናጽ ኢዩ ዕላማና፥ ኣብ ውሽጢ 3 ዓመት ከኣ ናይ ብሄርን ሃይማኖትን ስምዒታት ኣብ መዛግብ ታሪኽ ኣትዩ ክተርፍዩ።"

ነዚ እናበሉ ግን መራሕቲ ኣፍሪቃ ነቲ ስራሓት መንግስትን ሃብቲ ሃገርን ነቲ ደጋፊኦምን ኣባል ሰልፎምን እናሃቡ እቲ ካልእ ህዝቢ ከም ዝዋሰንን ዘንጸርጽርን ገይሮምዎ።

ነቲ ቦታውን ኤትኒካውን ሰልፍታት ቀስ ኢሉ ክውለድ ካብ ዝሓገዙ ምኽያታት፡

- እቲ ባህላዊ ሕብረተሰባት ጌና ኣብ ናቱ ወገን ጥራይ ዝኣምን ብምኻኑ፡
- እተን ኣብ ስልጣን ዝበጽሓ ሰልፍታት ብሻራ ከማሓድራ ስለ ዝጀምበራን ነቲ "ዘይናተን ወገን" ስለ ዝወጽዕኦን ኢዩ።

ኣብ 60ታት ንኤትኒካዊ ስርርዓት ክቃወሙ ካብ ዝሃቀኑ ተቓለስቲ እቲ ፍሉጥ ከንያዊ ካራሞጀ ኦዲንጋ ኦዲንጋ ይርከቦም።ኦዲንጋ ነዚ ኩነታትዚ ተቓዊሙ "ናጽነት ጌና ኣይተበጽሔን" ዝብል መጽሓፍ ድሕሪ ምጽሓፉ፡ ኣብ ደርቢ እተመስረተት ሰልፊ ከቕውም መዲቡ፥ ናይ ከንያ ህዝባዊት ሰልፊ እትብሃል ሰልፊውን ኣዊጁ። ድሕሪ ገለ ጊዜ እንተረኣየ ግን እታ ሰልፊ ዳርጋ ብምልእታ ካብ ዓሌቱ (ሉዎ) ጥራይ ተኣኪቦምዋ ተዓዚቡ።

እቲ ናይ 60ታት ክውንነት ሕጂውን ኣሎ። ንኣብነት ማሪና ኦታዋ እትብሃል ናይ ኣፍሪቃ ተመራማሪት ብ2003 ከም ዝበለቶ፡ "ሰልፍታት ኣፍሪቃ ድሕሪ ውድቀት ዴስነት ካብ ሓድሕደን ዝፈልየን ስነ ሓሳብ ስኢነን፤ እቲ ስእነት ስነ ሓሳባዊ ፍልልይ ካኣ ሕጂ ብኤትኒካውን ቦታውን መለለይታት ተተኪኡ ኣሎ።"

ኤትኒካዊ ምልዕዓላት

ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ኤትኒካዊ ምልዕዓላት ከም ዝገነነ ይፍለጥ፡፡ ኤትኒ ክብሃል እንከሎ ግን እቲ ትርጉም ካብ ጸቢብ ናይ ደም ዝምድና ዘሎዎም ሓሊፉ ዝሰፍሔ ትርጉም እናሓዘ ከይዱ። ሎሚ ኤትኒ ከም ሰፊሕ ብሄር ኢዩ ዝትርጎም።ማልት ብቦታ፡ ብቛንቛ፡ ብሃይማኖት፡ብኣውራጃ ወዘተ ናይ ዝረኸቡ ህዝቢ መስመይ እናኾነ መጺኡ፡፡

ውጽኢት መጽናዕቲ ብዛዕባ ሰልፍታት ኣፍሪቃ

ኣብ መንጎ 1989ን 2000ን ኣብ ኣፍሪቃ 87 ምርጫታት ናይ ሓጋጊ ኣካላትን ካልእ 65 ፕረዚደንታዊ ምርጫታትን ተገይሩ። ነዚ ዘጽንዑ ተመራመርቲ ነቲ ውጽኢት ከምዚ ገይሮም የቕርብዎ፥

1. ካብተን ቅድሚ ምርጫ ብእንኮ-ሰልፍነት ዝገዝኣ ዝነበራ ሰልፍታት 23 ዝኸና ወይ ስዒረን ወይ ብክብ ዝበለ ካልኣይ ደረጃ ሒዘን።
2. ኣብቲ መጀመርያ ምርጫ ዝሰዓራ ሰልፍታት ሃብቲ ሃገር ስለ ዝጥቀማ ደልዲለን ይጸንሓሞ ኣብቲ ቀጻሊ ምርጫታት ይዕወታ።
3. መብዝሕትኤን ብክብ ዝበለ ድምጺ የሸንፋ (ከባቢ 85%)
4. ኣብተን ድንኪ ሰልፍታት ብብዝሒ ዝርከብኤን ሃገራት፡ ሰላምን ቅሳነትን ይስኣን (ኒጀር፡ ኮንጎ ብራዛቪል፡ሴራ ለዮን፡ ማ.ረ.ኣፍሪቃ፡ ቤኒን፡ ማዳጋስካር፡ ማላዊ)።
5. ምርጫ ዝሰዓራ፡ ሰልፍታት ነቲ መደብ ዕዮ ገዲፈን ናብ ኤትኒካዊ ጻውዒታት የድህባ።
6. ካብተን ብዝሓ-ሰልፍታት ዘለወን 45 ሃገራት ኣፍሪቃ 5 ጥራይ ባይቶኣዊ ስርዓት ይኸተላ።ዝተረፉ ፕረዚደንታዊ ሞደላት ኢየን።
7. ሰልፍታት ናይ ሓባር መወዳድርተን ምስ ሓየሎ ይሓብራ። ምስ ተዳኸመ ግን ይፈናጨላ።
8. ንካልኣይ ጊዜ ኣብ እተገብረ ምርጫታት ኣፍሪቃ፡ ሓደስቲ ሰልፍታት ተወሊደን።እተን ሐደስቲ ሰልፍታት ከኣ ብመንእሰይ ዘይኮነ ብናይ ቀደም ተጋደልቲ ዝምርሓ ኮይነን ተመስሪተን።
9. እተን ንኣይሸቱ ሰልፍታት ናብቲ ናይ ሰዓሪ ፕረዚደንት ወገን ይጽግዓ።
10. ኣብ ዝበዝሔ ባይቶታት ኣፍሪቃ ካብ 3 ሰልፊ ዘይውሕዳ ዓቕሚ ኣለወን ዝብሃላ ሰልፍታት ተራእየን።

ዝያዳ ንምግላጹ ዝኣክል ካኣ፥ኣሰካፊ ሽኻ ሰልፍታት ኣፍሪቃ እቲ ኣመና ምብዛሕ ኤትኒካዊ ስርርዕ ኮይኑ ቀጺሉ ኣሎ።ኣብ ጊዜ ባዕዲ፣ ገዛእቲ ነቲ ዝያዳ ዝፈርሕዎ ዓቢ ኤትኒ ብእተፈላለየ መንገድታት ይደቑስዎ። ብኣንጻሩ፣ ነቲ ንኣይሽቱ ኤትኒታት የተባብዑ፡፡(ገለ-ገለ ዓበይቲ ሃገራትውን ናብ ናይ ካልእ ሃገር ጕዳይ ክተኣታተዋ ምስ ዝደልያ ነዚ ቅድዚ ይጥቀማ፡፡)

ሎሚ እቶም ውልቀ-መለኽቲ ኣፍሪቃ ኤትኒካዊ ሰልፍታት ከም ዝበዝሕ የተባብዑ። ሓደ ናይ ያውንደ ዩኒቨርሲቲ መምህር (ታታ ንገንጆ) ብ1999 ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፥

> “ዲክታቶራት ኣፍሪቃ ንኤትኒካዊ ሰልፍታት ከም ኣሜባ ክባዛሕ ብምፍቃድ ነቲ ክምስረት ዝነበሮ ሓያል ተቓውሞ ወይ ሰልፍታት ከም ዝማስን ገይሮምዎ። በዚ ምኽንያት እውን ሓያለይ ክቃወሞም ዝኽእል ሓይልታት በርዒኑ።እዚ ኵነታት እዚ ኣብ ዝኸፍኤ ጥርዙ እናበጽሐ ይኸይድ ኣሎ፣ ማለት እተን ኣብ ኣውራጃን ብሄርን ተጸጊዔን ዝውለዳ ሰልፍታት ኣብ መወዳእትኡ ተጸጋዕትን ደገፍትን ሰልፊ ፧እቲ ሳዓራይ ፕረዚደንት ኮይነን ምትራፈን ኢዩ።እንብኣር፣ ብሽፋን ኣብዝሓ ሰልፍታት፣ ኣፍሪቃ ኣብ እንኮ-ሰልፍነት ትምለስ ኣላ፡፡”

በቲ ካልእ ሽኻ ካኣ፡ቅድም ከም ዝርኤናዮ፣ ገለ መንግስታት ብሽፋን ሓድነትን ሰላምን፣ ነቲ ናይ ውሑዳት ወገን ወጺዔንአ ይርከባ። እቶም ውጹዓት ካኣ ግድነት ነቲ ዘሎ ወጽዓ ንምቅዋም ተቓውሞን ምትእኽኻብን ይጅምሩ። ንኣብነት ሓደ ቪክቶር ኣዛርያ እተባህለ ተመራማሪ ብ2003 ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፣

> “ከምቲ ዝጨነቖ ነጋዳይ ናብ ጸሊም ዕዳጋን ኮንትሮባንዲን ከድህብ ዝግደድ፥እተወጽዓ ኤትኒካዊ ክፋላት ሕብረተሰብ ካኣ ነቲ ካብ መንግስተን ዘይረኸብአ ሰብኣዊ ክብረንን ጥቕመንን ንምሕላው ናብ ትሕተ ሃገራዊ ስርርዕ ከድህባ ይግደዳ፡፡”

ንዘሎ ኤትኖ-ሃይማኖታዊ ጸገማት ንምፍታሕ (ንምህዳእ) ተባሂሉ እተገብረ ፈተነታት ኣሎ። ንኣብነት ናይ ኡጋንዳን ናይጀሪያን ኢትዮጵያን ይጥቀስ።

1. ኣብ ኡጋንዳ “ሰልፊ-ኣልቦ“ ተባሂሉ ዝፍለጥ ብሓደ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ዝዕብለል ስርዓት ተመስሪቱ። እቲ ምኽኒት ካኣ ንሰልፊ ዝጻወር ሕብረተሰብኣዊ ሰረት የልቦን ብዝብል ኣገላልጻ እዩ። ንምዕባሌ ዲሞክራሲ ዝሃሲ ስርዓትዩ ተባሂሉ ይንቀፍ፡፡

2. ናይጀርያ ንኤትኒካዊ ስርርዕ ሓውሲ ተጻዋርነት ኣርእያ። እዚ መጠነኛ ተጻዋርነታ ግን ድሮ ነቲ ጸጥታዊ ኮነ ዲሞክራሲያዊ ሃለዋት ናይታ ሃገር እናሓደረ ከሰክፎ ይርከብ። ብጊዜ ባባንግዳ ኣብ 80ታት ብመንግስቲ ዝምወላ ክልተ ሰልፍታትውን ተመስሪተን ነይረን እየን። ኣብ መወዳእታ ግን ኣብ ወገናውያን ሰልፍታት ተለዊጠን።

3. ኣብ ኢትዮጵያ ኤትኒካዊ ውደባ ሕጋውነት ለቢሱ። ጌና ዝርኤ ጉዳያት ኣሎዎ እኳ እንተተባህለ፥ኣብ ኢትዮጵያ “እቲ ኤቲኒካዊ ሓዊ እናተጓሃሃረ ኢዩ” ይብሃል። ንኢትዮጵያዊ ኩነት ከምቲ ናይ ሊባኖስ ሃይማኖታዊ ሞደል ገይሮም ዝመዝንዎ ኣለዉ። ሊባኖስ ከም ፈሸም እናበለ ዝነበር እሳተ ጎመራ ትምሰል።ብ1950ታት፥ ብ70ታት ከምኡውን ብ80ታት ብርቱዕ ውግኣት ሓድሕድ ኣብ ሊባኖስ ተገይሩ ኢዩ። ናይ ሊባኖስን ናይ ኢትዮጵያን ሞደላት ወገናዊ ሚሊሻታት ከም ዝፍጠር የተባብዕ እሞ ኣብ ውግኣት የእቱ ተባሂሉ ይስጋእ።

ብሓጺሩ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ፍልልይ ሰልፍን መንግስትን የልቦን። ስልጣን ብዓይኒ ጥቕሚ ይርኤ፤ ኣብ ስልጣን ዝድይቡ ካኣ ብዓይኒ ኣገልግሎት ዘይኮነ ብዓይኒ ጥቕሚ ጥራይ ይጥመቱ።በዚ ዝኣክል ህዝቢ ንሰበ-ስልጣን ከምዘይኣምን ይኸውን።

ሰልፍታት ከይምዕብላ ካብ ዝገትእ ረቋሒታት እዚ ዝስዕብ ይርከቦ፤
- ዲሞክራሲያዊ ባህሊ ዘይምንባሩ፡ ንመራሒ ኣመና ኣዕቢኻ ምርኣይ።
- ንሰልፍታት ዘደልድል ገንዘባዊ ዓቕምታት ዘይምንባሩ።
- ኣሳታፊ ዝርዓትን ባህልን ዘይምህላው። እቶም ብዙሓት ነቶም ዝወሓዱ መሰሎም ብዝግባእ ኣይሕልዉሎምን።

ሓዲሽ ምዕባሌታት ድሕሪ 1990
1. ሃይማኖታዊ ሰልፍታት ከም ናይ ከንያን ናይ ርዋንዳን እስላማዊ ሰልፍታት፡ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ክርስትያናዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ።
2. ሓምላይ ሰልፍታት ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ከንያን ቡርኪና ፋሶን።
3. ናይ ፍሉይ ጥቕምታት ኣሰላልፋ ከም ሰልፊ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ፣ ምንቅስቓስ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ሰነጋል።

## ክፍሊ ሰለስተ
### ፖለቲካዊ ሰልፍታት ኤርትራ

ኣብ ትሕቲዚ ኣርእስቲዚ፡ ነዚ ዝስዕብ ክንጠቕስ ኽእል፡
1. ሰልፍታት 40ታት ኮና ውድባት 60-70ታት ብምንታይ ምኽንያትን ነየናይ ዕላማታት ንምዕዋትን ተበጊሰን? ዓይነት ኣወዳድበኤንከ?
2. ዘሎናዮ ኵነታትን መጻእን።

<u>ሰልፍታት 40ታት</u>
ከም እንፈልጦ ብ1941 ጣልያን ምስተሳዕረ፡ ብህዝቢ ዝተሓተ ሕቶ ”<u>ሃገር ንመን? እንታይ ይኹን መጻኢና?</u>” ኢዩ ነይሩ። ብርግጽ ጽንኩር ኩነታት ነይሩ።ማለት፥
- ተመክሮ ብደረጃ ኣፍሪቃ ይኹን ብደረጃ ኤርትራ ኣይነበረን፥
- እተማህረ ኣዝዩ ውሑድ ነይሩ፣
- ምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይልታት ዘይሓጋዝን፡ ካብ ዓቕምታት ህዝብና ንላዕልን፡ነቲ ዘይተረጋግኤ ሓሳባቶም ዝብትንን ነይሩ።

ኣንጻር ጣልያን ክብ ዝበለ ጽልኢ ነይሩ። ኢትዮጵያ ኸኣ ዝያዳ ተባልሖ ነይራ። ዓባቅይ ብሪጣንያ ብወገና ንህዝቢ ናብ ጥቕማ ከተዘንብል ጻዕርታት እናካየደት ነቲ ሓድነት ሕዝቢ ኣብ ምልሕላሕ ግደ ነይሩዋ።ጸኒሕና ከም እንርእዮ፥ብእተፈላለየ ምኽንያታት ገለ ክፉል ህዝቢ ንኢትዮጵያ፡ ገለ ንእንግሊዝ፡ ገለውን ንጣልያን ይሕሹናዶ ይኾኑ እናበለ የማርጽ ነይሩ።

ነቲ ዝነበሮም ምርጫታት ንምብሳል፡ ዓበይቲ ዓዲ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ዝስማ ምንቅስቓስ መስሪቶም ተንቀሳቒሶም።እቲ ሃዋህው ንምቿም ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝዕድም ነይሩ፡ ማለት፥

- ካልኣይ ውግእ ዓለም ተወዲኡ፡
- ምጣኔ ሃብታዊ ቅልውላው ኣብ ጥርዙ በጺሑ፡
- ትምህርቲ ብመጠኑ ማዕቢሉ፡
- ሰሙናዊ ጋዜጣታት ክሕተም ጀሚሩ፡
- ብ1943 ደቂ ሃገር ሰልፍታት ከቑሙ ክፍቀደሎም ኢዩ ተባሂሉ
- ኣብ ክፍላ 1945 ፖለቲካዊ ክትዕ ማዕቢሉ።

እቲ ምስ ኢትዮጵያ ሕብረት ዝብል ርእይቶ ዝያዳ ብክርስትያን ይድገፍ ነይሩ። እቲ ከምኡ ዓይነት ስምዒት ዘምጽኤ ምኽንያት ናይ ታሪኽን ሰላምን ሃይማኖትን ምጣኔ ሃብታዊ ርእይቶታትን ይርከብዎ።ብኢትዮጵያ ዝግበር ዝነበረ ሃይማኖታውን ሽበራውን ገንዘባውን ንጥፈታትውን ወሳኒ ነይሩ። ኮይኒ ግን ኩሉ ንኢትዮጵያ ዝደገፈ ከሓዲ ሃገርነት ኤርትራ ነይሩ ዝብል ኣረኣእያ ቅኑዕ ኣይኮነን። ከም ፓለቲካዊ ምርጫ ጌርካ ምርኣዩ ቅኑዕ ኢዩ።

ኣስላም ኤርትራ ኣበይ ከም ዘብሉ ጸጊምዎም ነይሩ። እቲ እንግሊዝ ዝደልዩዎን ዝደራረኽዎን ንሱዳን ምምቃል ንብዙሓት ኣስላም ኤርትራ ዝስሕብ ሓሳብ ኣይነበረ። ናይ ባርካ ህዝቢ በኒ-ዓምር ከይተረፉ፡ ንናይ ሱዳን ሃደንድዋ ብምፍራሕ ነቲ ምስ ሱዳን ምሗን ኣይፈትውዎን ነይሮም። እቶም ብነታብን ቤት ኣስገደን ከም ትግረ (ገባሮ) ዝቑጸሩ 92% ናይቲ ህዝቢ እውን ብ1943-46 ካብ ዝነበርዎ ሃለዋት ዝሓሸ ሓርነት ረኺቦም ስለ ዝነበሩ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ እንተ ኾይና እዚ ሓርነታት እዚ ከጥፍኡሉ ዝኽእሉ ምኽንያታት ኣብ ኢትዮጵያ ምህላዉ ስለ ዝሰምዑ ምስ ኢትዮጵያ ንምጽንባር ቅሩባት ኣይነበሩን። ስለዚ ነቲ ናይ ኢብራሂም ሱልጣን ሰልፊ ኣል ራቢጣ ኣል ኢስላሊሚያ ሓንጎፉይ ኢሎም ተቐቢሎምዎ። ስለዚ እቲ ንኢትዮጵያ ምጽላእ ብቐንዱ ብሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ኣይነበረን። ኢትዮጵያ ከም ለምለምን ሃብታምን ብማሕበር ኣንድነት እናተገልጸት፡ ብራቢጣ ኸኣ ከም ድሕርቲ ሃገር እያ ትርኤ ዝነበረት።

ብጠቕላላ 15 ዝኾና ሰልፍታትን ማሕበራን ክሳዕ መወዳእቲታ1950 ተቐልቂለን ኢየን። እተን ኣውራ ግን፡ ማሕበር ኣንድነትን፡ ራቢጣን፡ ሓዳስ ኤርትራን፡ ሰልፊ ሊበራላዊ ምዕባለን፡ ሃገራዊ ሰልፊ ኣስላምን (ሰምሃር) ነይረን። ራቢጣ ኣብ 4 ጃንዳታት ተመቒላ። ሓዳስ ኤርትራ (ማለት ቅድም ሻራ ኢጣልያ ትብሃል ዝነበረት ሰልፊ) ካብ መታሕት ብዙሓት ኣባላት ነይሮምዋ።ንኣይሽቱ ማሕበራዊ ኮማት ዝያዳ ንጣልያን ይመርጹ ነይሮም።

ሰልፍታት ኤርትራ ብሃይማኖት ዝኣክል ኣብ ውግእ-ሕድሕድ ኣትየንዶ?

ኣይኣተዋን።እቲ ኣብ ጊዜ ዓደይ ዓደይ ተረኺቡ ዝብሃል ግጭት ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ፣

1. ብ28.8.46 ብምኽንያት ወተሃደር ሱዳን ባእሲ ተላዒሉ። ኣብቲ ሱዳናውያን ዘናዓብዎ ናይ ደም ምፍሳስ ተረኽቦ፣ 40 ክርስትያን 2 ኣስላም፣ 3 ወተሃደራት ሱዳን ተቐቲሎም።እቲ ቅትለት ብሱዳናውያን ኢዩ ተፈጺሙ።
2. ብ21.2.50 ካኣ ኣብ መንጎ ኣንድነትን ራቢጣን ኣብ ሰላማዊ ሰልፊ ግጭት ተላዒሉ ኣብ ናይ 2 መዓልቲ ምቅትታል 50 ዝኸውን ሰብ መይቱ። ቅድሚኡን ድሕሪኡን እውን ማሕበር ኣንድነት ባእታታት ኣስላምን ጣልያንን ትቐትል ነይራ። እዚ ግን ከም ሃይማኖታዊ ውግእ ዝቑጸር ኣይኮነን። ካብቲ ብጊዜ ተጋድሎና ብስርዓታት ኢትዮጵያ እተገብረ ናይ ቅትለት ግፍዕታት ኣይፍለን።

ነቲ ኣብ "ንሕናን ዕላማናን" ከምኡ ኻኣ ኣብ ኣዲስ ሪፖርተር ብኢሳያስ እተጠቕሰ ምውንጃላት ረሲዕና፣ ኣብ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ውግእ ነይሩ ዘብል ኣሰር ኣይንረክብን። እዚ ግን ንድሕሪ ሕጂ ሃይማኖታዊ ውግእ ኣይነብረናን ኢዩ ክበሃል ኣይካኣልን። ምጥንቃቕ የድሊ።

ካብ 1952 ክሳዕ ምፍራስ ፌደረሽን

እቲ ፌደረሽን ኣብ ግብሪ ክውዕል ከሎ ኣብ እተገብረ ምርጫ፣ ኣንድነት 32 ሰድያ፣ ራቢጣ 19፣ ራቢጣ ምዕራባዊ ኣውራጃ 15፣ ካልቶ ከኣ 2 ረኺቦም። ብድሕሪኡ እተገብረ ምርጫታት ብኢድ ወጻኢ ምትእትታው እተሰናኸለ ነይሩ። ከም ድልየት ህዝቢ ዘቑጽር መዔቀኒውን ኣይነበሮን።

ስለምንታት ምንቅስቓሳት ሓርነት ኤርትራ ተጀሚሩ?

- ናይ ኢትዮጵያ ምትእትታው ንብዙሕ ኤርትራዊ ኣጉህዩ፣
- ምጣኔ ሃብታዊ ቅልውላው ነይሩ፣
- 60ታት ናይ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ዘመን ነይሩ፣
- ነጻ ምውጻእ ሃገራት ኣፍሪቃ ንመንእሰይ ኤርትራ ዓቢ ቅንኢ ኣሕዲሩሎም።

እቶም ዝያዳ እተወጽዑ ክፋል ሕብረተሰብ ኤርትራ ነቲ ቃልሲ ክጅምርዎ ባህሪያዊ ነይሩ።ከነዲ ትረቫስክስ ቅድሚ ምምስራት ተጋድሎ ኤርትራ፡ "ኣስላም ኤርትራ ነቲ ፌደረሽን ብዘይ ድልየቶም ኢዮም ተቐቢሎምዎ፥መጀመርያ ኣንጻር ኢትዮጵያ ንሶም እንተተላዒሎም ከኣ ኣገራሚ ኣይኸውንን ኢዩ" ኢሉ ነይሩ። ከምኡ ኻኣዩ ዝኾነ።

ማሕበር ሸውዓተ ብ1958 ኣብ ፖርት ሱዳን ተመስሪታ።
ተሓኤ ብሓምለ 1960 ኣብ ካይሮ ተመስሪታ።

ኣብ ተመክሮ ቃልሲ ኤርትራ፣ ተሓኤ ንኹሉ ብሔራትን ሃይማኖታትን ጠርኒፋ ኣቃሊሳ። እዚ ካብ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተመክሮ እተፈልየ ነይሩ።

ምፍንጫላትን ህድማ ካብ ዕብለላን

ግደ ውልቀሰባት ኣብ ምፍንጫላት ውድባት ኤርትራ፣

- ዑስማን ሳልሕ ሳበ (ንሰምሃር ሒዙ ምኻዱ)

- ኢሳያስ "ታሪኽ ጀብሃ ናይ ሓደ ብሄር ብኻልእ ብሄር ምዕብላን እንተዘኮይኑ ካልእ ኣይኮነን" ይብል ነይሩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሃይማኖታዊ ፍልልያት ከምዝዓምቑ ገይሩ።
- ሕሩይ ተድላ ነቲ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ እተጠርየ ምትእምማን ሕድሕድ ኣላሕሊሕዎ።
- እቲ ብዓብደላ እድሪስ ኣብ ራሳይ ብ25.03.1982 እተፈጸመ ተረኽቦ ንሓድነታዊ ዓወታት ተሓኤ ንድሕሪት ኀቲትዎ። እቲ ብ2003 ኣብ ውሽጢ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተረኽበ ጸገም እውን ነቲ ናይ 1982 ሃሰያታትን ስምዒታትን እዕሚቑዎ።

(በጠንቂ ስዕረት ተሓኤ ብህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኣስላማዊ ምንቅስቓሳት ተጀሚሩ።ብ1982 ጀብሃ ኣል ወጠኒያ ኣልኢስላሚያን ሩዋድ ኣልእስላምን ተፈጢረን። ግንባር ብ1988 ኣንስቲ ኣብ ባርካን ኣብ ደንካሊያን ብግዲ ምዕ ስካር ምስ ጀመረት ካኣ ክልተ ካልኣት ምንቅስቓሳት ቆይመን(ለጅነት ኣልሙስተድዓፊንን ለጅነት ኣልውፋቕን)። ብሕዳር 1988 ከኣ ኩሎም ተራኺቦም ሓደ ናይ ጅሃድ ምንቅስቓስ መስሪቶም።)

<u>ድሕሪ 1991 ዝሰዓበ ኩነታት</u>

- ኢሳያስ ሓሸውየ ውድባት ክብል ብሓትነት ሓደ ሰልፊ ኣዕሚቑ።
- ገለ ክፋል ህዝብና እተጠልመን እተናዕቀን ኮይኑ ተሰሚዕዎ።

<u>ሎሚ ዘሎ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ፖለቲካዊ ሕብሪ ዘሎዎ ማሕበራትን ዳርጋ 30 ኣቢሉ ይግመት።</u> ካብዚ ሰልፍታት እዚ ገሊኡ ሃይማኖታውን ኤትኒካውን ቦታውን ጸጊዕነት ዘሎዎ ኢዩ፡፡

## *<u>ሕጂ እንታይ ዓይነት ሰልፍታት ከነቕውም ንኽእል?</u>*

*እቲ ድሕረ-ህግደፍ ወይ ድሕረ-ኢሳያስ ዘሎ ጊዜ ብጣዕሚ ተሃዋስን ብሕጂ ክዓሎ ዘሎዎን ጉዳይ ኢዩ። ካብቲ ነቲ ሰዓት ንምውዳቕ ካብ ዝግበር ጻዕሪ ከምዘይንእስ ካኣ ክፍለጥ ኣሎዎ።*

*ብርግጽ ነቲ ብጠብላሓታታት ድሕረት ሕብረተሰብና ተሓጊዙ ኣብ ስልጣን ንዘሎ ስርዓት ብሽምኡ ዓይነት ስርዓት ክንትክእ ድልየት ዘሎና ኣይመስለንን። ከምኡ ካብ ኮነ እምብኣር <u>ካብ ወገናውን ሃይማኖታውን ወዘተ ጠብላታታት ብዝከኣል ርሒቕና ብሃገራውነት ደረጃ ክንስርዕን ክንስራዕን ይህልወና።</u> ማለት፡ እቲ እንሃንጾ ሰልፍታት ብኽብ ዝበለ ሃገራውነት ዝልለ ክኸውን ይጥለብ። ከምኡ ካብ ኮነ፤*

1. *ብቐዳምነት ኣብ ሕብረተሰብና ናይ ሕድገትን፡ ምጽውዋርን ፖለቲካዊ ባህሊ ክህነጽ ጻዓት ይሓትት። ንፖለቲካ ዘንኣእስ፡ ንሓይልን ጉልበትን ጠበንጃን ዘቑድም ኣተሓሳስባ ክስዓር ኣሎዎ። ውሽጣዊ ሽግራትና ደኹን ግዳማዊ ጸገማት ብልዝብ እንበር ብሓይሊ ክፍታሕ ከም ዘብይሉ እቲ ሕብረተሰብ ክምሃሮን ክቕበሎን ኣሎዎ፡፡ እተን እነቑመን ሰልፍታት ከኣ በዚ ርእይቶዚ ዝምእዘዛ ክኾና የድሊ።*

2. ናይ "ዓዳላይ ደልዳላይ" መንገዲ ብግልጺ ውዱቕ ክንገብሮ ይግባእ። ሕብረተሰብና ብኣብዝሐ-ብሄርን ሃይማኖትን ዝልለ ብምኻኑ እቲ እነተኣታትዎ ስርዓት ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይነብሮ፡፡

3. ኣብ ኣፍሪቃ ኣብቲ ተጀሚሩ ዘሎ ምርጫታት ማእሊያ ዘይብሉ ሰልፍታት ክበቁል ይርኤ።እቲ ዝበዝሐ ኣብ ኤትኒካውን ቦታውን ስምዓ ታት ተጸጊዑ ዝቐውም ኢዩ።

4. ኣብ ኤትኒካውን ቦታውን ስምዒታት ተጸጊዔን ዝበቑላ ሰልፍታት ኣብቲ ሃገር ብኸምኡ ዓይነት ስርርዕ መሰልካን ጥቕምኻን ክትሕሉ ምስ እትግደድ ምኻኑ ክፍለት ኣሎዎ።ስለዚ ክህልዎ ዘይምትብባዕ (ንኣብነት ኣውራጃይ ንበል፡ ብሄረይ ንበል! እናበል ምጭራሕን ምልዕዓልን ኣየድልን)።ንህላዌኤን ብሕጊ ክልኩል ምግባር ዘይኮነ ብፍትሓዊ መንገዲ ምቅላስንን ገደባት ምስራዕን። (ኣቃውማ ሰልፍታት ንየማናውን ጸጋማውን ጥሩፍነት ገደብ ዝገበር ክኸውን ኣድላይነት ኣሎዎ።)

5. <u>እቲ ብቐዳምነት ኣድላይ ኮይኑ ዝርከብ ዘሎ እምብኣር ድልየታትን ጥቕምታትን ኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ዝሕሉ ሰልፍታት ክህሉ ግድን ምኻኑ ኢዩ። ብሃገር-ለኽ ዝሓስብን ዝሰርሕን ሰልፍታት ምቛም ከይወዓልና ከይሓደርና ከነማልኦ ዘሎና ዕማም ምኻኑ ዘይምዝንጋዕ።እዚ ካብቲ ዘሎና ባይታ ክጅመር ይከኣል። ንኣብነት፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብቲ ኣሎ ዝብሃል ፖለቲካዊ ባይታታት ኤርትራ ምኻና ኣባላታ ኾኑ ካልኦት ደቂ ሃገር ክዝንግዑዎ ኣይግባእን።</u>

<u>ብኣጠቓላሊ</u>

ዲሞክራሲ ክድልድል፡ ማሕበራዊ ስኒትስን ማዕርነትን፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ክስስን ግድን ሃገር ለኽ ሰልፍታት ክምዕብላ የድልያ ኢልና። ሎሚ ካብቲ ናይ 40ታት ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ንርከብ። ስለዚ ኣብ ጸቢብ ጸውዒታት ዘይኮነ ኣብ ሀገራዊ መድረኽ ከም እንራኸብን ንህዝብና ከም እነራኽብን ንግበር። ንቦታውን ሃይማኖታውን ሰልፍታት ቅድሚ ምምካት፡ ነዚ ዝስዕብ ጕዳያት መፍትሒ ምድላይ፡

- ንስልጣን ብመንገዲ ዲሞክራሲ ናይ ኩሉ ህዝቢ ምግባር፥
- <u>ጉዳይ ውሽጣዊ ምምሕዳር ብቕኑዕ መልክዕ ኣብ መደምደምትኡ ምብጻሑ</u>፥
- መሬት ብዘይ ውዓል ሓደር ናብ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ ምምላስ፥ ነቶም መሬቶም እተወሰደሎምን ዝውሰደሎምን ገባር መሕወይ ምኽፋል።
- ንዝተረፈ ሃብቲ ሃገር ብማዕርነትን ብፍትሒ ዘሎዎ ኣገባብን ምክፋል፡
- ኩሉ ክፍልታት ህዝብና ኣብ ስራሕ መንግስትን ንግድን ትምህርትን ማዕረ ዕድላት ክምዝነብሮ ምግባር፡
- እቲ ውጹዕ ክፍልታት ኣድላይ ሓለፋታት ክግበረሉ መጽናዕቲ ምኪያድ።

*ትርጉም ሰልፊ፡ ወለንታውን፡ ውልቃውን፡ምኽኑ ዘይምዝንጋዕ። በዚ ኸኣ ሃይማኖታውን፡ ብሄራዊን፡ ቦታውን፡ ፍልልያት ከይዓንቀፈ፥ኩሎም ሓደ ፖለቲካዊ ርእይቶ ዘሎዎም ውልቀሰባት ዝሰማምዖም* ሰልፍታት ክቐሙ ጊዚኡ ሕጂ እዩ።

እሞኸ?

ዝነበራ ውድባት ምስ መራሕተን/ካድራተን ኣብ ናይ ታሪኽ ጕሓዶ ክኣትዋየን? ኣብ ኣፍሪቃ ከምኡ ኣይተራእየን። እቲ ሓዲሽ ወለዶ ከርከብ ኣሎዎ፣ ክርከብ ከኣ ቅሩብ ክኸውን የድሊ።

ክንጽበዮ እንኽእል ሰልፍታት፥

1. ብኣባላት ተሓኤን ህዝባዊ ግንባርን ዝነበሩ ኣባላት ዝቖውም ዕልማናዊ ሰልፍታት።
2. ኣስላማዊ ራኢ ዘሎዎ ሰልፍታት።
3. ኤትኒካዊ/ቦታዊ ሰልፍታት።

ኣብቲ መጀመርያ ዓመታት ክሳዕ 20 ወይ ሰላሳ ሰልፍታት ክህሉ ይኽእል። እቲ ወሳኒ ዝኸውን ግን ካብ ሰለስተ ዘይበዝሕ ድልዱል ሰልፍታት ክነብር ኢዩ;

ኣብ ናይ ርሑቕን ቀረባን ታሪኽና፡ ውልቀ-ሰባት ኣብ ምዕማቍ ፍልልያትን ምፍንጫላትን ውድባትና ግደ ተጻዊቶም እዮም። ኣብ ምርባሕ ሰልፍታት እውን ከምኡ ክንጽበ ኝኽእል።